


ሓደ መስከረም ፈላሚት ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ።

ሓደ መስከረም ጀማሪት ብረታዊ ቃልሲ፣

ሕሰም ክትቅንጢጢ መግዛእታዊ ልብሲ፣

ኣብ ኣዳል ተጀመረት ቀዳመይቲ ቶኽሲ።

ጅና ኣቦና ኢድሪስ ሓሚድ ዓዋተ

ብሃገራዊ ፍቕሪ ልቡ ምስ ተሃንኮተ

ጉዕዝኡ ጀመረ ምስ ዘይበዝሑ ካብ ሓሙሽተ።

ንህዝብና ኮነ ጸላእትና ነበረ ሕልሚ፣

መሶሎም ዘይውዳእ ትልሚ፣

ስኒ ዝነኸሰ ግን የብሉን ጸጋሚ።

ጅግና ኤርትራ ዝወለደቶ ወዲ ዓዋተ፣

ሞት ንቡር ምኳኑ ከይሰሓተ፣

ታሪኽ ክሓድግ ፈጺሙ ከተተ።

ብረቱ ኣቡ ዓሸራ ብዝሒ ጥይት ዘይብላ፣

ብዕድመ ዝኣረገት ዝመልኣ በሰላ፣

ሓዳስ ክትመስል ብጠስሚ ወላወላ።

ሰዓብቲ ኣኸተለ ጠርበስበሰ እናበለ፣

ገሊኦም ኣይከውንንዩ እናበሉ ተኣለ።

ንሱ ግን ሕልሚ ነይሩዎ ናብ ጋህዲ ዘበለ።



ብጾቱ እናተጣራጠሩ ኣብ ከባቢ ኼሩ፣
ንወተሃደር ጸላኢ ኣብኡ ዝዓስከሩ፣
ብለይቲ ሃጂሞም ብረት ዓተሩ።

ቤተሰብ ይኾኑ ፈተውቲ ሕደግ እናበሉ፣
ጽባሕ እንተተቐተልካ ፋይዳ ነይቡሉ፣
ንዓ ኣቋርጾ ዳግም ሕሰበሉ።

ጅግና ግን ተበገሰ ብዘይ ሰጋ መጋእ፣
ቆሪጹ'ዩ ወፊሩ ምስ ጸላኢ ክዋጋእ፣
ይትረፍ በሎም ዝፈርሄ እሾኽ ከይውጋእ።

ሓርበኛ ኣይነብርን'ዩ ታሪኹ እምበር፣
ንሱ ይስዋእ ቃላቱ ግን ዘልኣለም ይዝከር፣
ተመዝጊቡ ይነብር ኣብ ወርቃዊ ደብተር።

ሓደ መስከረም ዓባይ ካብ በዓላትና፣
ሳላ ዝተመረጽኺ ብእድሪስ ሓምድ ዓዋትው ጅግና፣
ዓመት ዓመት ነሔድሰልኪ ለበዋ ሰማእታትና።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።